# ሕጂኸ ናበይ?

## ቃለ መጠይቕ ምስ መስፍን ሓጎስ

ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
13/7/2007
ኣቕራቢ ጋዜጠኛ ድምጺ ሓርነት



መእተዊ

እዚ ኣስዒብና እንቕርበልኩም ምስ መስፍን ሓጎስ፡ ኣቦ መንበር ሰዲኤ፡ ዝተኻየደ ቃለ መጠይቕ፡ ንኣባላትናን ሰዓብትናን ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ኣንፈት ቃልስና ዘይከታተሉ ዜጋታትና'ውን'ዩ። ኤርትራ ናይ ኵላህና ስለ ዝኾነት ንኣባል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዅን ንዘይኣባል፡ ንተቓዋሚ መንግስቲ ኹን ደጋፊ፡ ንኣብ ዉሽጢ ሃገር ዚነብር ዜጋ ኹን ግዳም፡ ንተጋዳላይ-ነበር ኹን ዋርሳይ፡ ንኹሉ መልእኽቲ ስለ ዘሎዎ ኣንበብቲ ተገዲሶም ከንብብዎ ነተሓሳስቦም። በዚ ሎሚ፡ ልቢ ዜጋና ዘንቢሉ፡ ልቢ መንግስቲ ድማ ተሪሩሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ እቲ ብነፍሱ ዚጭነቕ፡ ዕለተ-ዕለት ብልቡ ዚሓዝን ዘሎ ዜጋና መዋጽኦ ኪፈጥረሉ ናይ ግድን ስለ ዝኾነ ሓድ-ሓደ ሓሳባትናን ትልምታትናን በዚ ቃለ-መጠይቕ ኣቢልና ከንቃልሖ ኢና።

ህሉው ኵነታት ኤርትራ ፈጠራ ዘይኮነስ ክዉን'ዩ፣ ኰይኑ ድማ ኪግለጽ ስለ ዘሎዎ ብመጀመርያ ሓፈሻዊ ህሉው ኵነታት ሃገርና፡ ከምኡ'ውን ጥቕዓትን ጸበባን ህዝብና ብምግላጽ፡ ኣጥቢቕና ድማ ዉሽጣዊ ኵነታት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኹን ኵነታትን መደብን ኣንፈትን ተቓወምቲ ዉድባት ኪቐርብ'ዩ።

እዚ ቃለ-መጠይቕ'ዚ ኣብ ሰለስተ ተኸፊሉ ክቐርብ'ዩ። 1ይ - ብሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ዚምልከት፣ 2ይ - ብኵነታት ምዕባለታት ከባቢናን ተራ መንግስቲ ኤርትራን፣ 3ይ - ብኵነታት ደምበ ተቓውም። እቶም ዝተረፉ ኣርእስትታት ኣብ 4ይ ክፋል ኪግለጹ'ዮም።

ኣብዚ ዚስዕብ ክፋል እዞም ዚስዕቡ ኣርእስትታት ተላዒሎም ኣሎዉ፣

መሰረት ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ራዕዲ እንታይ ምዃኑ፣ ቕዋምና ኣበይ ከም እተሸርበ፣ ናብራ ስድራ-ቤት ኰነ ቑጠባ ሃገር ከመይ'ሉ ከም ዘንቈልቈለ፣ ንመንእሰያትና ዘርከበ ቅብጸተ-ተስፋን ዘስዓቦ ቅልውላውን፣ ኵነታት ጥዕና፣ ኣካደምያዊ ትምህርቲ ብወተሃደራዊ ትምህርቲ ከም ዝተተክአ፣ ሃይማኖት፣ ከምኡ'ውን ኵነታት ግዳማውያን (Diaspora) ኰኑ ካልኦት ኣርእስትታት ቀሪቦም እነዉ።

ዘሎኩም ሕቶታት ኰኑ ርእይቶታት ክትልእኩልና ድማ ንጽበ።

## ቀዳማይ ክፋል

## ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ዚምልከት

**ሕቶ፣- ፖለቲካዊ ምዕባለታት ሃገርና ከመይ ኣሎ? ፖለቲካዊ ለውጢታት፣ ናብ ዲሞክራሲያዊነት ናይ ምስጓም ተስፋን ኣንፈትን ኣሎ'ዶ?**

ህሉው ስርዓት፣ ኣብ ኣተሓሳስብኡን ኣቀዋውምኡን ለውጢ ከየርኣየ፣ ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ክመጽእ ቀሊል ኣይመስልን። ህሉው ስርዓት ከም ብሓደ ሰብ ዝውነን ስርዓት መጠን፣ ህላዌኡን ቀጻልነቱን ምርግጋጽ ቀዳምነት ዝሰርዕ ስለ ዝኾነ፣ ንኩሉ ደላይ ለውጢን ንምርግጋጹ ዝቃለስን ፖለቲካዊ ሓይሊታት ኣብ ሃገርና ክህሉ ኣይቅበልን ኢዩ። ድሌትን ምርጫን ህዝቢ ኣብ ግምት ዘእተወ ፖለቲካዊ ለውጢስ ይትረፍ፣ እቶም ብውልቀ መሻኺ ብዝተሓርዩ ባእታታት ዝቖሙ "ሃገራዊ ባይቶ" ይኹን "ማእከላይ ባይቶ" ህግደፍ'ኳ፣ ምዱብ ኣኼባታቶም ኪገብሩን ጉዳይ ሃገር ኣልዒሎም ክዝትዩን ኣየፍቀደን። ዋላ እቲ ሓሓሊፉ ተገይሩ ተባሂሉ ዝዝረበሉ፣ በቶም ናብኡ ዝቐረቡ ውልቀ ሰባት ዘቖሞ፣ ናይ ካቢነ ሚኒስተራት፣ ኣመሓደርቲ ዞባታት፣ ኣዘዝቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት፣ "ጥሙር" ተባሂሉ ዝጽውዖ፣ ሓባራዊ ኣኼባታት፣ መደረ ፕረዚደንት ሰሚዑን ንትእዛዛቱ ከም ብሓባራዊ ዘተ ዝተበጽሑን ዝተወሰዱን ውሳኔታት ኰይኖም ከም ዝእወጁ ንምምሳልን'ምበር፣ ጉዳይ ሃገር ክዝቲ ስልጣንን መሰልን ስለ ዘለዎ ማለት ኣይኰነን። ናይ ህዝባዊ ግንባርን ኤርትራን ፍሉይ ተመክሮን ኩነታትን ኣብ ግምት ዘእቱ ፖለቲካዊ ልምድን ባህሊን ኣሎና፣ ነዚ ከኣ ከም ሓደ ካብ ክብሪታትና ክንጥቀመሉን ክንዕቅቦን ኢና፣ ዝብል ምስምስ እናምጽአ ሓድሽን ካብ ናቱ ዝተፈለን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ከይተኣታቶ ከልኪሉ።

- ብመሰረት ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም፣ ኣብ ኩሉ ምምሕዳራዊ ጽፍሒታት ህዝባዊ ምርጫታት ብምክያድ ህዝቢ ባዕሉ ብዝመረጾም ወከልቱ ከም ዝመሓደር ክንዲ ምግባር፣ ብህግደፍ ዝተረቑሑን ዝተሓርዩን ባእታታት ጥራይ ዝሳተፉዎ "ህዝባዊ ምርጫታት" ብደረጃ ዓዲታት ኣካይዱ። እዚውን፣ ካብ ዝጀምሮ ክልተ ዓመት ዝገበረ ይኹን'ምበር፣ ዋላ በቲ ንሱ ዝደለዮ'ውን፣ ብደረጃ ሃገር ኣየተግበሮን። ኣብ ዞባታት፣ ኩሉ ጽፍሒታት ዝህሉ ምምሕዳራዊ ቦታታት ብህዝቢ ብዝተመርጹ ወከልቲ ኢዩ ክተሓዝ ክብል ከሎ፣ ነቶም ብህግደፍ ዝርቁሑን ኣብ "ናጻ ምርጫ ዝወዳደሩን" ማለቱ ኢዩ። "ናጻ ምርጫ" ክብል ከሎ፣ ካብ ምስ ካልኦት ምውድዳር ናጻ ዝኾነ "ምርጫ" ማለቱ ኢዩ።

- ካብ ናይ ህግደፍ ዝተፈለ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታትን እምነታትን ብዘለዎም ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት ዝምስረቱ ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ማሕበራትን ቆይሞም፣ ብመሰረት እቲ ኣብ ኣኻብሑ በልዩ ዘሎ ናይ 1997 ቅዋም፣ ሃገራዊ ምርጫ ኪካየድን እዞም ሰልፊታት ክሳተፉዎን ኪቕበል፣ ክሕሰብ ዝከኣል ኣይኰነን። እቲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፣ እንተ በዝሐ ድማ ክልተ ዓመትን ፈረቓን፣ ኪጋባእ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ተወሲኑ ዝነበረ፣ ናይ ህግደፍ ራብዓይ ጉባኤ'ኳ፣ እነሆ ልዕሊ 13 ዓመታት ጌሩ ኣሎ። ዋላ ህግደፍ ጥራይ በይኑ ዝወዳደረሉ ሃገራዊ ምርጫ ኪግበር ኢዩ ኢሉ ብመገዲ "ሃገራዊ ባይቶ" ዘሕለፎ ውሳነ፣ ከም ካልኦት ውሳነታት፣ ተረሲዑ።

- *ሎሚ፥ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት፥ ህዝቢ ብዝኾነ ኣገባብ ሓሳባቱ ኪገልጸሉ ዘይክእል፥ ዋላ ኣብ ትሕቲ ናቱ ጥብቂ ቁጽጽር ወይ ምምያ* (censorship) *ንይምሰል ዝሕተማ ናይ "ብሕቲ" ጋዜጣታት ዘየፍቅድ ስርዓት'ዩ (ቅድሚ ዓመታት ኪእወጅ'ዩ ዝተባህለ ሕጊ ፕረስ ክሳብ ሕጂ ኣይተኣወጀን)። ኲነ ተባሂሉ፥ ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት'ኳ፥ ኣብ መንጎኦም ሓድሕዳዊ ምትእምማን ዘጥፉኡሉ ኩነተ-ራዕዲ ዓብሊሉ ዝርከበሉ ህሞት'ዩ። ኤርትራዊ፥ ተበዲሉ ዝጠርዓሉ ኣብያተ ፍርዲ ዘይረኽበሉ፥ ክበርሃሉ ንዝደልዮ ፖለቲካዊ ይኹን ምምሕዳራዊ ጉዳያት ክሓተሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ወሪዱ ዝርከበሉ እዋን'ዩ። እቲ ስርዓት፥ ነዚ ኩነታት፥ ከም ኣብ ዝኾነ ክፍለ ዓለም ዝርከብ ህዝቢ ከስተማቕሮ ዕድል ዘይረኸበ ዲሞክራሲን፥ ከም ብዓል ኣሜሪካን እንግሊዝን ዝኣመሰሉ ካብ ኤርትራ ክመሃሩ ዝምሕጸነሉ ግዜ ኢዩ። ኣሸክዓላል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ስርዓት፥ ንዲሞክራሲያዊነት ዘሐይሉ ትካላት ኣብ ምህናጽ ይኹን፥ ናይ ብዙሓዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ህላወን ሓድሕዳዊ ምጽውዋርን ባህሊ ምትእትታው፥ ክሰርሕ ትጽቢት ኪግበረሉ ዝከኣል ኣይኮነን።*

- *ንቑጠባዊ ኩነታት ሃገርና ዝምልከት፥ ክእመን ዘሸግር ድኽነት ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ናይ ዝሓለፉ ባዕ ዳውያን መግዛእቲታት ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን'ዩ። ይዕበ ይንኣስ፥ ብሕታዊ ጽላት* (private sector) *ዝብሃል ክፋል ናይቲ ቁጠባ ብግብሪ የለን። ኩሉ ብመንግስቲን ግንባርን ዝውነን ኢዩ። ንሱ'ውን እንተ ኾነ፥ ብስልጣንን ትእዛዝን ኢዩ ዝምራሕ። ሞያዊ ኣሰራርሓን ሞያውያንን፥ ኣብ ቁጠባዊ ሂወት ኤርትራ ቦታ የብሎምን። ዓያዪ ጉልበት ናይቲ ሃገር፥ ኣብዚ ብዊንታ ሰበስልጣን ጥራይ ተወጢኑ ዝትግበር "ቁጠባዊ ንጥፈታት" ተዋፊሩ'ሎ። ኣብ ሳዋ ንሕርሻዊ ምህርቲ ናብ ወጻኢ ንምስዳድ፥ ኣብ ባጽዕ ድማ ንኤርትራውያንን ወጻተኛታትን በጻሕቲ ንምቕባልን ምፍናውን፥ ተብሂሉ ዝተሰርሐ መዕርፎታት ነፈርቲ፥ ክሳብ ሕጂ ዝሃቦ ኣገልግሎት የለን። ኣብ ጽርግያታት ይኹን ኣባይቲ ዘተኮረ መደባት ምስራሕ ትሕተ-ቅርጺ፥ እቲ ጽርግያታት መመላለሲ ወተሃደራዊ መካይን፥ እቲ ኣባይቲ ድማ ንወተሃደራዊን ካልኦት ላዕለዎት ናይ መንግስቲ ሰበስልጣንን ካብ ምኳን ኣይሓለፈን። ብኩባንያታት ህግደፍ ዝተሰርሑ፥ ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ ኣባይቲ ንመን ተዓ ዲሎም ኣለዉ ህያው ኣብነትዩ። ሕጂ ድማ፥ ንኤርትራ ናብ "ሲንጋፖር ምብራቕ ኣፍሪቃ" ናይ ምቕያር ሕልሚ ሓድሽ ሂወት ንምሃብ፥ ኣብ ውሱን ዓንኬል ናይቲ መንግስቲ ጥራይ ከም ምስጢር ኰይኑ ተታሒዙ ዘሎ፥ ናይ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ዘለዉ ናይ መንግስቲ ሆቴላት ብምሻጥ ኣብ ቦትኦም ሓደስቲ ናይ ምስራሕ፥ ኣብ ደሴታት ዳህላክ ብዓል "ሓሙሽተ ኮኾብ" ሆቴላት ናይ ምስራሕን ናይ ባሕሪ ማይ ናይ ምጽራይን ፕሮጀክት፥ ንናይ ቐጠር ኩባንያታት ተዋሂቡ ኣሎ ይብሃል። ዋጋታት ናይ ተራ ህዝቢ ዝጥቀመሎም ሃለኽቲ ካብ 300-500% ንሂሮም ከብቅዑ፥ ደሞዝ ግን ከምቲ ኣብ 1995 ዝጀመሮ ኣሎ። እቲ ዝኸፍአ፥ ናይ ስድራቤታት ቁጠባዊ መነባብሮ ክኽእል ዘለዎ መንእሰይ፥ ንርእሱ'ኳ ናይ ጁባ ኪኸውን ብዘይክእል፥ 500 ናቕፋ፥ ኣብ ናይ "ትሕተ ቅርጺ ፕሮጀክትታት" ክሰርሕ ተቐሲቡ ምህላዉ ኢዩ።*

- *ኣብ ማሕበራዊ ሜዳ፡- ውሽጣዊ ዝምድናታት ስድራ ቤታት ተዘራሪጉ። ወለዲ ብዛዕባ መጻኢ ዕ ድል ደቆም ክሓስቡን ክውስኑን ኣይክእሉን ኢዮም። መብዛሕትኦም ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ መርመራ ኣይሓለፍኩምን ተባሂሎም ናብ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኢዮም ዝለኣኹ። እዚ ግዱድ ዕ ስክርና ይኹን "ዓውደ ትምህርቲ" ዘኸተሎ ናይ መንእሰያት ስደት፥ ንሃገርና ናብ ወላድ-መኻን ቀይሩዋ። ኣብ መገዶምን ኣብ ቦታ ስደት ምስ በጽሑን ዘጋጥሞም ሓሳረ መከራ እዚ ንርእዮ ዘሎና'ዩ።*
  - *ስርዓተ-ጥዕና፥ ኣብ ቀጻሊ ምንቁልቋል ኣሎ። እኹል ዓቕሚ ሓካይም፥ መሳርሒን መድሃኒትን ኣብ ርእሲ ዘይምህላዉ፥ ድራካቡ፥ ንሰበ ስልጣን መንግስትን ሃብታማትን ዘገልግል ስርዓት ኢዩ። ክሊኒክ ሰምበል ሓደ ካብቲ መርኣያታት* (samples) *ኢዩ። እቲ ማእከላይ ወይ ድኻ ኤርትራዊ፥ ዝረኽቦ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዳርጋ የለን።*
  - *ብመንጽር'ቲ፥ ሃይማኖትን ፖለቲካን ኣብ ሓድሕዶም ዘይምትእትታው ዝብል እዉጅ መርገጺ ህግደፍ፥ ሃይማኖት'ውን ካብ ቁጽጽር ህግደፍ ክድሕን ኣይከኣለን። እተ፤ ከምቲ ካልእ እምነታት ብዙሕ ከይተተንከፈን ከይተደፍረን ዝጸንሐ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን'ኳ፥ ኣብ መወዳእታስ ካብቶም ካልኦት ብዝኸፍአ ኣገባብ፥ መሰሉን ናጽነቱን ብህግደፍ ተጋሂሱ። ንዕዉር ምትእትታው ህግደፍ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቱን ምምሕዳሩን ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለን፥ ነቲ ዝነበሮ ድሩት ናጽነት ኪኽበረሉ ስለ ዝሓተተን፥ ኣብ ተፈላለየ መዓልታዊን መንፈሳዊን ምምሕዳራቱ ኮይኖም ከገልግሉዎ ዝጸንሑ ምእመናን፥ ኣንጻሮምን ኣንጻር ቤተክርስትያንን ናይ ጸለመ ዘመተታት ተኻይዱን ተኣሲሮምን። ኣብ መወዳእታ ድማ፥ ላዕለዋይ ሓላፊ ኮይኖም ንዝተቐብኡ ፓትሪያርክ፥ ካብ ሓላፍነቶምን*

ስልጣኖምን ምብራር ጥራይ ከይኣክል፡ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር (ማእሰርቲ) ኣእትዩዎም። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣብ ዝኾነ ካልእ ዓለምን ግዜን ዘይተገብረ፡ ብሕጊ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ንዝተሸሙ ፓትሪያርክ ቀንጢጡ ሓድሽ ፓትሪያርክ ሸይሙ። ካብዚ ንድሓር፡ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ፡ ብምድፍፋእ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ናይቶም ካልኦት እምነታት መስርዕ ተቓውሞ ተሓዊሱ ኢዩ። ናይ እስላም ሙፍቲ፡ ብሰንኪ ምስ መንግስቲ ምትሕብባሮም፡ ዋላ'ኳ ቅድም ተቐባልነት እንተ ነበሮም፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን፡ ህቡብነቶም ኣንቆልቊሉን ኣድማዒነቶም ተዳኺሙን ይርከብ።

- ስርዓት ህግደፍ፡ ንትምህርቲ ናብ ወተሃደርነት ካብ ዝቕይሮ ብዙሕ ጌሩ። ካብ ማእከላይ ደረጃ ንላዕሊ ዝርከብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ናብ ማእከል ምልመላ ንወተሃደራዊ ስልጠናታት ተቐይሩ ኢዩ። ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ትምህርቶም ከይወድኡ ኣትሒዞም፡ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ምምሓዳር ኣብ ዝርከብ ሳዋ ኪኸዱ ይእዘዙ። ካብቲ እዋን ኣትሒዞም ወተሃደራት ኢዮም። መብዛሕትኦም ኣይሓለፍኩምን ተባሂሎም ናብ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኢዮም ዝለኣኹ። እቶም "ሓሊፎም" ዝብሃሉ ድማ ኣብቲ ብውተሃደራዊ ሕጋጋትን መደብን፡ ከምኡውን ዲሲፕሊንን መኰንናትን ዝመሓደር፡ ማይ ነፍሒን ካልኦት "ኰለጃት"ን ይለኣኹ። ለይቲን መዓልትን ብወተሃደራት ይሕሎ። ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ይኹን'ምበር፡ ተመሃሮ ዝወስዱዎ ናይ ትምህርቲ ሜዳ፡ ብምርጭኦምን ዝምባሌኦምን ዘይኮነ፡ ብትእዛዝ ንዝውሰነሎም ዓውዲ ኪቕበሉ ይግደዱ። ደረጃን ዓይነትን ትምህርቲ ትሑት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኤርትራውያን ይኹኑ ወጻተኛታት መማህራን ብቕዓት ዘይብሎም ምዃኖም ኢዩ ዝንገር። በዲልኩም ተባሂሎም መቕጻዕቲ ዝብየነሎም ተመሃሮ'ኳ፡ ዝውሰነሎም መቕጻዕቲ ወተሃደራዊ ኮይኑ፡ ኣፈጸምቱ ወተሃደራት ኢዮም። ከም ሳዕቤን ናይቲ ትእዛዝ ኣይሰምዑንዮም ተባሂሎም ኣብ ልዕ ሊኦም ዝወርድ ጨካን መቕጻዕቲ፡ ኣብዘን "ኮለጃት" ናይ ዝተመደቡ ተመሃሮ መጠን ርእሰ ቅትለት እናልዓለ ይመጽእ ምህላዉ ይሕበር ኢዩ። በጠቓላሊ፡ መንእሰያትና፡ ሃገሮም ገዲፎም ክስደዱ ዘኽእሎም ዕድል ሃሰስ ምባል'ምበር፡ ትምህርቶም ኪቕጽሉ ዝዕ ድም ሃዋሁ የለን።

ሕቶ፡- ኣብ ዝሃብካና መግለጺ ተመርኲስና'ስከ ምስኡ ዝዛመድ ሕቶታት ከነልዕል። በዚ ንብዙሓት ስድራ-ቤታት ኤርትራ ኣብ መጻወድያ ኣእትዩ ዘሎ 'ዕዳ' ክንጅምር። ደቆም ዝጠፍኡዎም ኤርትራውያን ስድራ ቤታት፡ እንተ 50 ሺሕ ናቕፋ ክፈሉ ወይ ከኣ ተኣሰሩ ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ከመይ ትርእዮ?

እዚ፡ ነቲ ኣብ መወዳእታ 60ታት፡ ብመንግስቲ ሃይለ ስላሰ፡ ኣንጻር ወለዲ ናይቶም ሽዑ ኣብ ገድሊ ዝነበርና መንእሰያት፡ ዝውሰድ ዝነበረ ስጉምቲታት የዘኻክረኒ። ናቱ ቅዳሕ ኮይኑ ወይ ተመሳሳሊ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። ኣይመሳሰልን ኢዩ። መንግስቲ ሃይለ ስላሰ፡ ብልክዕ ነቶም ደቆም ኣንጻሩ ንክዋግኡ ብረት ተሰኪሞም ዝነበሩ መንእሰያት ኢዩ ስጉምቲ ዝወስድ ነይሩ። ኪዱ ደቓኹም ደሊኹም ምለሱዎም ኢሉ ኰለል የብሎምን፡ ንውሱን መዓልታት'ውን፡ ይኣስሮምን ነይሩ። እቲ ፍልልይ፡ መግስቲ ሃይለስላሰ ንወለዲ ኣንጻሩ ዝዋግኡ ዝነበሩ፡ መንግስቲ ህግደፍ ግን ንወለዲ'ቶም ካብ ግፍዒታቱ ስደት መሪጾም ዝሃድሙ መንእሰያት፣ መንግስቲ ሃይለ ስላሰ ንውሱን መዓልታት፡ እንተ በዝሐ ድማ ንሰሙናት ይኣስር፡ ነይሩ፡ መንግስቲ ህግደፍ ግን፡ ሓረስታይ ሃገርና ኣብ ምሉእ ዕድሚኡ'ኳ ወኒኑዎ ዘይፈልጥ፡ ንሓደ ውላዱ 50 ሺሕ ናቕፋ ኪኸፍል ወይ ንዘይተወሰነ ግዜ ማእሰርቲ ይብይነሉ። እዞም ሕጂ ሓገግቲን ተግበርቲን ናይዚ ሓድሽ ሕጊ ዘለዉ፡ ኣብ 60ታት ብመንግስቲ ሃይለስላሰ ይውሰድ ንዝነበረ ስጉምቲ ብ'ፋሽትነት' ይገልጹዎ ነይሮም። እዚ ናቶም ግን፡ ብናቶም ኣገላልጻ፡ ሃገራዊ ግቡእ ኢዩ። ናይ ሃይለ ስላሰ ግፍዒታት ኣብ ልዕሊ ወለዲ ኣብ ገድሊ ዝተጸንበሩ መንእሰያት፡ ነቶም ዝተረፉ ናብ ገድሊ ክጽንበሩ ተወሳኺ ድፍኢት ነይሩ። እዚ ሕጂ ብስርዓት ህግደፍ ዝፍጸም ዘሎ፡ ብሓይሊ ዝተሰነየ ስርቂ ከኣ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ናብ ስደት ከምርሕ ዝያዳ ይደፋፍኦን ሃገሩ ከጽልኦን ይርአ ኣሎ።

ዳርጋ 90% ካብ ኣብ ስደት ዘምርሑ ዘለዉ መንእሰያት፡ ኣብ ኣገልግሎት፡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት መንግስቲ ህግደፍ፡ ኣብ ዝርከቡሉ ግዜ ኢዩ። ኣብ ፍትሓዊ ስርዓት ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ስድራታት ኢዮም ካብ መንግስቲ ክኪሓሱ ዝግብኦም። ኣብ ዘመነ ህግደፍ ግን፡ ኩሉ ነገር ግምጥልሽ ኢዩ። ስድራ ቤታት፡ ደቆም ስለ ዝጠፍኡዎም ንመንግስቲ ካሕሳ ክፈሉ ይብሃሉ ኣለዉ። ካብዚ ኣርእስቲ ከይወጻእኩ፡ ሳላ ኣብ ሃገር ተኣታትዩ ዘሎ ደረተ-ኣልቦ ብልሽውና፡ እቲ ኣገልግሎት ንኩሉ ማዕረ ኣይበጽሖን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ሃገር ናይ ምውጻእ ዕድል'ውን ንኩሉ ብማዕረ ኣይምልከቶን ኢዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒታት ዝርከቡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ምስኦም ንዝርከቡ ኣባላት ኣገልግሎት፡ ኣብ ከባቢ ስድራ ቤታቶምን

ካብ ዓውደ-ኾናት ርሒቖምን ከም ዝምደቡ ይገብሩ ኢዮም። ነዚ ንምግባር ግን፡ እቲ ናይ ጁባ ተባሂሉ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ መንእሰይ ዝወሃብ 500 ናቕፋ ወርሓዊ ገንዘብ ኪገድፉሎምን፡ ካልእ ተወሳኺ ኪኸፍሉን፡ ይሓቱዎም። እቶም ብናይ ስድርኦም ሓገዝ ወይ ኣብ ናቶም ዋኒን ተዋፊሮም ክነብሩ ዝኽእሉ መንእሰያት ነዚ ተቐቢሎም ካብ ዓውደ ኲናት ርሒቖምን ዋኒኖም እናገበሩን ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ዝነብሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢዮም። ብዘይካዚ፡ እቶም ሃዲሞም ተባሂሎም ዝኽሰሱ መንእሰያት፡ ንክሃድሙ ቀንዲ ተሓባበርቶም ንሶም፡ እዞም ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኢዮም። ንሶም ብዘዳልዉዎ ወረቓቕቲን መካይኖምን ጌሮም ክሳብ ዶብ ሱዳን ዘብጽሑዎም ንሳቶም ኢዮም። ካብኡ ንላዕ ሊ፡ ብመዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ኣሽሓት ዶላራት ከፊሎም፡ ብወግዒ ዝሓልፉ ብዙሓት'ዮም። ንዝተሓተቱዎ ገንዘብ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ስለ ዘለዎም፡ ቀንዲ ካብ ብልሽውና ስርዓት ህግደፍ ተጠቀምቲ ሃብታማት ኤርትራውያን ኢዮም። በዚን ካልእን፡ ከም ኮንትሮባንዳዊ ስርሓት ዝኣመሰለ፡ ዝናበሩ ወተሃደራዊ መኰንናት ህግደፍ ናብ ሚሊዮኔራት ተለዊጦም ኢዮም። በዚ ኣገባብ ካብ ድኻታት ዝእከብ ገንዘብ፡ ሕጽረት ገንዘብ ኣብ ምፍታሕ ኣበርክቶ ኪህልዎ ኢዩ ካብ ዝብል እምነት ዝገብሮ ዘሎ ኣይኮነን። ዋላ ነቲ ናይ መንእሰያት ናብ ደገ ዋሕዚ፡ ከቋርጾን ከውሕዶን ተስፋ ጌሩ ኣይኮነን። ሰበ ስልጣን ህግደፍ፡ ናቕፋ ድኣ ብቢልዮናት ዝቑጸር ኣሎና እንድዩ፡ እቲ ዶላርን ካልእ ናይ ወጻኢ ባጤራን ኢዩ ዘይብልና'ምበር ኢዮም ዝብሉ። በቲ ካልእ፡ ወለዲ ስለ ተኣስሩ ወይ ንነፍሲ ወከፍ ካብ ሃገር ዝወጸ ውሉድ 50 ሽሕ ናቕፋ ክፈሉ ስለ ዝተባህሉ፡ ስደት ከቋርጽ ኢዩ ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም'ውን ኣይኮነን። ዕላምኦም፡ ህዝቢ ንምድሃልን እሺ ኢሉ ንመጽቀጥቶም ኪምብርከኽን ስለ ዝደለዩ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ኢዩ፡ ናይ መንእሰይ ናብ ወጻኢ ዋሕዚ ክውሰኽ'ምበር ኪጎድል ዘይተራእየ።

**ሕቶ- ህላወ ህዝብና ምስቶም ኣብ ግዳም ዘለዉ ሰቡ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እንታይ መብርሂ ትህቡና?**

ሳላ ናይ ቅድም ባዕዳዊ መግዛእቲን ናይ ሕጂ ህገድፍን፡ ካብ ሓደ ሲሶ ዘይውሕድ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስደት ከም ዝነብር ኢዩ ዝሕበር። ዳርጋ ዝበዝሐ ኤርትራዊ ስድራ ቤታት፡ ገለ ካብ ኣባላቶም፡ ኣብ ወጻኢ ኣለዉ። ካብ ቅድም ኣብ ባህልና ዝጸንሐ ስድራቤታዊ ምትሕልላይ፡ እቲ ርኹብ ነቲ ዘይብሉ ኪሕግዝ ናይ ሕልና ግዴታ ኣለዎ። እዚ ስድራቤታዊ ክብሪ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ መነባብሮኡ ኣብ ናይ ደገ ኣባላቱ ክምርኮስ ረቒሒ ኢዩ። ሰበ ስልጣን ህግደፍ፡ ነዚ ስድራቤታዊ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ከዳኽሙ ቀጻሊ ፈተነ ይገብሩ ኣለዉ። ጉዳይ ስደት መንእሰያትን ምኽፋል 50 ሽሕ ናቕፋን፡ ኣብ ደገ ብዘሎ ህዝቢ ኣብ ኣኼባታት ኪቐርበሎም ከሎ ዝህቡዎ መልሲ፡ ጠንቂ ስደትን መቕጻዕትን ኣብ ደገ ዝነብር ህዝቢ'ዩ፣ ንሱ ገንዘብ ከፊሉ መንእሰያት ካብ ሃገር ከም ዝወጹ ይገብር ኣሎ፡ ስለዚ መቅጻዕቲ ኪቕጽል ኢዩ፡ ኢዮም ዝብሉ። እዚ ከም ኣብነት ኢየ ጠቒሰዮ። ብሓፈሻ ግን፡ ሓደ ሲሶ ካብ ህዝባ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራ፡ ውሕስነት ቁጠባዊ ህላወ ናይቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ክልተ ሲሶ ኮይኑ ኣሎ።
ናብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ዝያዳ ክሕይልን ኣብ ቁጠባዊ ህንጸት ሃገር ክሳተፍን ዝዕድም ናይ መንግስቲ ምትሕብባር ኪግበር ምተገብአ። ህሉው መንግስቲ ህግደፍ ግን፡ ኩሉ ተግባራቱ ኣንጻር'ዚ ኢዩ።

- ካብ ስደት ዝምለስ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ንዓመታት ዝርሃጸሉን ዝደኸመሉን ገንዘብ ኣብ ሃገሩ ከውፍር ክስርሓሉ ተባሂሉ ዝወጸ ሕጊ፡ ዕድል ኣይህቦን ኢዩ።
- ተበላሒቱ ንዝጀመሮ ወፍሪ ክዕወት ኣፋፍኖት ምስ ዘርኢ፡ ምስ በሓቲን ስሱዕን ሸውሃት ህገድፍ ተራጺሙ፡ ሓንሳብ ህግደፍ ኣብ ትካሉ ብጽሒት ክህልዎ ይሕተት፡ በብቑሩብ ከኣ፡ ርእሰማል ትካሉ ብህግደፍ ከም ዝዕብለልን ድምጺ ከም ዘይህልዎን ይኸውን። ነዚ እሺ ኢሉ እንተ ዘይተቐቢሉ፡ ብመጀመርታ ማሕለኻታት ይጻወዱሉ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብስም ቁጠባዊ ሸርሒ ፈጺምካ ዝብል ክሲ ትካሉ ከም ዝዕጾን ሃገር ገዲፉ ዳግም ከም ዝስደድን ይኸውን።
- ዋላ እታ ዝነኣሰት፡ ኣብ ኤርትራ ገዛ ናይ ምስራሕ ወፍሪ፡ ዘጋጥማ ዕንቅፋታት ብዙሕ ኢዩ። ኣብ ስደት ዝነብር ዜጋ መስርሒ ገዛ ትኸውን መሬት ክረክብ፡ ናይ 2%ን በብግዜኡ ከም ሃግራዊ ግዴታ ተባሂሉ ብህግደፍ ዝውሰንን ክፍሊታት መረጋገጺ ከቕርብ። ዝኾነት ገዛ ንምስራሕ ተድሊ ኣቕሓ፡ ካብ ናይ ህግደፍ ኩባንያታትን ብናይ ወጻኢ ሸርፊን፡ ኪገዝኣ ኣለዎ። ገዛ ንምስራሕ ትነጥፍ ብሕታዊት ናይ ህንጻ ኩባንያ ኣብ ኤርትራ ስለ ዘየላ ብናይ ህግደፍ ኩባያታትን ንሶም ብዝውስኑዎ ዓይነትን ኣገባብን፡ ከስርሕ ይግደድን።

ብዙሓት ሃገራት፡ ተሳትፎ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታተን ኣብ ዕብየት ቁጠብአን ንምርግጋጽ ዘኽእል ዓ ዳሚ ሃዋሁ ይፈጥራን፡ ብዙሕ ሕድገታት ይገብራሎምን ኢየን። ብከምዚ ኣገባብ፡ ኣብ ደገ ካብ ዝነብሩ ዜጋታተን፡ ፍርቂን ካብኡ ንላዕሊን ካብ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣታዊታተን ይረኽባ። እዚ ከኣ፡ ካብ መስርሒ

ገዛ ዝኸውን መሬት ብናጻ ወይ ኣብ ነዊሕ ግዜን ካብ ወለድ ናጻን ዝኽፈልን ለቓሕን፡ ክሳብ ንተወሰነ ዓመታት ካብ ግብሪን ቀረጽን ናጻ ዝኾነ ንግዳዊን ኢንዱስትሪያዊን ንጥፈታት የፍቅዳ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ዜጋታተን፡ ዋኒን-ትካላቶም ክመርሑን ከማዕብሉን ብሓደ መዳይ፡ ካልኦት በዚ ዝተተባብዑ ድማ፡ ሃገሮምን ቤተሰቦምን ክበጽሑን ሃገራዊ መንነቶምን ባህሊታቶምን ከሐይሉን ክፈልጡን ክብሉ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ዘሕልፉሉ መበቆላዊ ሃገሮም ይገብሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ከምኡ ኪግበር ዘይሕሰብ ኢዩ። ኣብ ክንድኡ፡ መንግስቲ ክንዲ ኣሳላጢ፡ ተወዳዳሪ ኮይኑን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ስልጣኑ ተጠቒሙ፡ ንኩሉ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብሒቱዎን ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ርእሰማሎም ኣብ ሃገር ከውፍሩ ዝፈተኑ ዜጋታት፡ ንብረቶም ክሽጡ'ውን ስለ ዘይከኣሉ፡ ከም ዘለዎ ገዲፎሞ ናብ ስደቶም ይምለሱ ኣለዉ። ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ናብ ሃገሩ ይገብሮ ብዝነበረ ዓመታዊ ንግደት ኣብ ቁጠባ ሃገሩ ዝነበሮ ኣበርክቶ ዓቢ ነይሩ። ሎሚ እዚ ኩሉ ተሪፉ። ብወገን መንግስቲ ህግደፍ ናይ ሓደ ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ናብ ሃገሩ ናይ ምብጻሕ መሰል መወከሲ ንስርዓት ህግደፍ ይሕግዝዶ ይቃወም ዝብል ኢዩ። ናይ ሓደ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ናብ ሃገሩ ናይ ምብጻህ መሰልን፡ ብምድጋፍ ስርዓት ህግደፍ፡ ከም ኩነት፡ ዝተቖርነ ኢዩ።

ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ፡ ኣብ ልምዓትን ቁጠባዊ ዕብየትን ንኽሳተፍ ዕድል ኣይርከብ'ምበር፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ናይ ዝነብር ቤተሰቡ ህላወስ ክሳብ ሕጂ ኣረጋጊጹዎ'ሎ። ዋላ'ቲ መዐንገሊ ስድራ ቤት ኢሉ ክልእኮ ዝደሊ ገንዘብ፡ ብባንክ ኤርትራ፡ ካብቲ ንቡር ናይ ዕዳጋ ሸርፊ ብትሕቲ ርብዒ ጎዲሉ ስለ ዝወሃቦ፡ ነዚ'ውን ብናቱ መገዲን ኣገባብን ተክኡዎ'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ካብ ተመክሮኡን ናይ ካልኦት ታሪኽን ዘይምሃር ኮይኑ'ምበር፡ ንህዝቢ፡ ኣውራ ከኣ ቁጠባዊ ንጥፈታቱ፡ ብሓይሊ ክትሰርዮ ኣይከኣልን ኢዩ። እንተ ተፈቲኑ ከኣ፡ ከምዚ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ፡ እናኸፍአ'ምበር ኪጎድል ወይ ኪፍታሕ ኣይክእልን ኢዩ።

**ሕቶ፡- ኣብ መእተዊኻ፡ ህሉው ስርዓት ኣብ ኣተሓሳስብኡ ኰነ ኣቀዋውምኡ ለውጢ ከየርኣየ፡ ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ኪመጽእ ቀሊል ኣይመስልን ኢልካ። እቲ ኩነታት ከም ዘለዎ እንተ ቀጺሉ፡ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ፍታሕ ኣይክመጽእን ኢዩ ክትብል፡ እቲ ለውጢ ብካልእ ኣገባብ ክመጽእ ኣለዎ ማለትካ ድዩ? መልሸኻ እወ እንተ ኾይኑ፡ ብብረት ማለትካ ድዩ? ንበል፡ መንግስቲ ኣተሓሳስብኡ ኰነ ኣቀዋውምኡ እንተ ለዊጡኸ፡ ንዝርርብ ድሉው ዲኻ?**

ኣብ ዘመነ ስልጣን ህሉው መንግስቲ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኪመጽእ ቀሊል ኣይመስልን ክብል ከለኹ፡ ስርዓት ህግደፍ ብድሌቱ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣይቅበልን ኢዩ ማለተይ ኢየ። ብሓደ ካብ ክልተ ምርጫታት ጥራይ ኢዩ ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል። እቲ ሓደ ብህዝባዊ ናዕቢ፡ እቲ ካልእ ከኣ ብጎነጽ። ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ነቲ ቀዳማይ ከም ምርጫ ወሲዱ ክሰርሓሉ ጸኒሑ፣ ኪቕጽሎ ምኽኣኑ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ ጉባኤታቱ ብወግዒ ከም ውሳነ ኣሕሊፉዎ ኢዩ።

ስርዓት ህግደፍ ሰላማዊ ለውጢ ኪቕበል ባህርዩ ኣየፍቅደሉን ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ሃገርና ንዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምፍታሕ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ሓይሊታት ሰላማዊ ዝርርብ እንተ ተቐቢሉ፡ ሰዲኤ ምእንትኡ ኪቃለስ ጸኒሑ። ሰለዚ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ንሰላማዊ ዝርርብ ቅሩብ (ይቕበል) ድዩ ዝብል ሕቶ ናባና ኪቐንዕ ዘለዎ ኣይኮነን።

**ሕቶ፡- ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ዘይምኽኑይን ፍኑውን ማእሰርቲ ከመይ ትገልጾ? ጽቡቕ ጌርካ ንትፈልጦ ፍሉይ ጉዳይ ክጠቕስ፡- ማእሰርቲ ናይቶም ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ናይ ቀረባ ብጾትካ ዝነበሩ፡ ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ። ብዛዕብኦምን ብዛዕባ ናይ ካልኦትን ሃለዋት እንታይ ክትገብር ኢኻ?**

ብፍላይ እቲ ካብ 2001 ኣትሒዙ ብዝለዓለ ደረጃ ሰፊኑ ዘሎ ፍኑው ማእሰርቲ፡ መርኣያ ናይ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስእነት ግዝኣተ ሕጊን ናይ ሓደ ሰብ ምልኪ ውጽኢትን ኢዩ። ነባራት ተጋደልትን፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን መንግስትን ዝነበሩ፡ ንጠንቂ ኲናት ምስ ኢትዮጵያን ሳዕቤኑን፡ ሕቶ ትግባረ ቅዋምን ናብኡ ንምብጻሕ መንግዲ ዘጣጥሕ ኣኼባታት ባይቶታት ኪግበርን ምስ ሓተቱ፡ ብወገን ህግደፍ ኣልማማ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ተወሲዱ። ክቱር ናይ ግዝኣተ ሕጊን ድምጺ ህዝብን ኣብ ልዕሊ ኢሳያስ ዘሕደሮ ፍርሒን ራዕድን ዘበገሶ ኢዩ። መብጽዓኻ ናይ ምኽባር ጠለብን ልዕልነት ምኽባር ሕጊን ከም ሃገራዊ ክሕደትን ጸረ-ሓድነት ህዝብን ዝብል ምስምስ ተዋሂቡዎ። ነዚ'ውን፡ ኣብ ክፉት ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ክሲ ክንዲ ምምስራት፡ ባህልን ልምድን ህዝባዊ ግንባር ኣየፍቅዶን'ዩ ተባሂሉ። ኩሉ'ዚ ብኢሳያስ ዝተጀመረ ኣይኮነን። ድሕነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ዝብሉ ሓረጋት ብኩሎም መለኽቲ ዝወሃብ ናይ ምልከቶም ምስምሳት'ዩ። ማእሰርትን መቕተልትን ኣብቶም ብቐጥታ ከም ተቓናቓንቲ ዝርኣዩ

ጥራይ ከይተሓጽረ፣ ኩሉ ንጠለባቶም ይድግፍ'ዩ ተባሂሉ ንዝጥርጠር ዜጋ ዘጠቓለለ ኰይኑ። ብኡ ጌሩ ከኣ፣ ምሉእ ህዝቢ፣ ካብ 2001 ኣትሒዙ፣ ኣብ ትሕቲ ራዕዲን ሽቕረራን ይነብር ኣሎ።

ሃለዋት ናይቶም ኣብ መቑሕ ህግደፍ ዝርከቡ ናይ ነዊሕ ግዜ መቃልስተይን ብጾተይን፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣባላት ህዝባዊ ግንባር፣ ጋዜጠኛታትን ካልኦት ዜጋታትን ንምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ፣ ዝተኣስሩሉ ዕ ላማ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሕ፣ ኩሉ ዝከኣለኒ ካብ ምግባር፣ ሰጋእ ኣይብልን ኢየ። ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ንምልዋጥ ዝካየድ ቃልሲ ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ዝምልከትን ማዕረ ዝበጽሖን ይኹን'ምበር፣ ነቶም ብጉጅለ 15 ተባሂሎም ዝፍለጡ ግን፣ ፍሉይ ሓላፍነት ይስምዓኒ'ዩ። ፍሉይ ዝነበረ ኣጋጣሚ እንተ ዘይከውን፣ ካብኦም ተፈልየ፣ እዚ ሕጂ ዝረኽቦ (ዘስተንፍሶ) ዘሎኹ ፍሉይ (ጽሩይ) ኣየር ከስተንፍስ ምኽንያት ኣይምነበረን። እዚ'ዩ ንዓይ ፍሉይ ሓላፍነትን ስምዒትን ዘሕድረለይ።

... ይቕጽል